# ሓደ ሓደ ግዜ "ኣይፋልን" ካብ ኩሉ ዝበለጸ ህያብ እዩ

ብዙሓት መንእሰያት ንሓጋይ ዕረፍቲ ወይ ካብ ቤት ትምህርቲ ንክምረቑ ብሃንቀውታ ይጽበዩ ኣለዉ። ሓቢርና ክንሰርሕ ከለና ኣልኮላዊ መስተን ሓሸሽን ካብ ምጥቃም ክንከላኸለሎምን ንከይጎድኡ ክነድሕንን ንኽእል ኢና።

ገለ መንእሰያት ንዓበይቲ ኣዕሩኽቶም፡ ኣሕዋቶም ወይ ንዓኻ ንወላዲኦም ኣልኮላዊ መስተ ክትገዝኣሎም ይሓቱ። መብዛሕትኦም ኣልኮላዊ መስተ ዝገዝኡሎም ሰባት፡ ጽቡቕ ክኾኑ ስለ ዝጽዕሩ ወይ ከኣ ብኻልእ መገዲ እቲ ንኡስ ቆልዓ ካብ ዘይፈልጦ ሰብ ንከይገዝእ ስለ ዝጭነቑ እዮም ከምኡ ዝገብሩ።

## መንእሰያት ኣልኮላዊ መስተን ካልእ መዐወኒ ሓሸሽን ካበይ ይረኽቡ?

ብማሕበራዊ መራኸቢታት ኣቢልካ ኣልኮላዊ መስተን መዐወኒ ሓሸሽን ምእዛዝ ቀሊል እዩ። መንእሰይ ውላድካ ሃንደበት ካብቲ ልሙድ ንላዕሊ ገንዘብ ክሓትት ወይ ከውጽእ ወይ ድማ ናብ ዘይትፈልጦ ቁጽሪ ተሌፎን ስዊሽ ክሰዱ እንተጀሚሮም ክትከታተል ኣለካ።

## ከም ወላዲ መጠን ዓቢ ለውጢ ከተምጽእ ትኽእል ኢኻ!

ኣልኮላዊ መስተ ኣብ ዝሰትየሉ እዋን ኣብ ሓደጋ ናይ ምእታው ወይ ግዳይ ገበን ናይ ምኳን ሓደጋ ይውስኽ። ከም ወላዲ መጠን፡ ንመንእሰይ ውላድካ ንምክልኻል ብዙሕ ክትገብር ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት፡-

- ምስ መንእሰይ ውላድካ ተዘራረብ። ብዛዕባ ናይ ምሸት መደባቶም ሕተቶም።
- ኩሉ ጽቡቕ ከምዘሎ ምስ መንእሰይካ ምርግጋጽ ቀጽሎ።
- ንነብስኻ ብቐረባ ክረኽቡኻ ግበርን ገለ ነገር እንተ ኣጋጢሙ ድማ ንክትወስዶም ድሉው ኩን።
- ምስ ወለዲ ኣዕሩኽ ውላድካ ተዘራረብ እሞ ክትትል ኣብ ምግባር
- ተሓባበሩ።
- www.fullkoll.nu ከምኡ'ውን Tonåringar och alkohol - råd till föräldrar | Systembolaget ዝበሉ ዌብሳይታት፣ ከም ብዛዕባ ሓሙሽተ ዝተለመዱ መዐወኒ ሓሸሻት ዝኣመሰሉ ነገራት ወይ ድማ መንእሰይካ ብጽልዋ ናብ ገዛ እንተመጺኡ እንታይ ክትገብር ከም እትኽእል ዝኣመሰሉ ሓቅታት፣ ምኽርታትን ለበዋታትን ዝሓዙ እዮም።

ብሓባር ሓደጋን ገበንን ክንከላኸል ንኽእል ኢና!

ፍርቂ ካብ ኩሎም መንእሰያት ብሓደ ዝፈልጥዎ ሰብ ኣልኮላዊ መስተ እንተዘይተዋሂብዎም ካብ ምስታይ ከምዝቑጠቡ ትፈልጡ'ዶ?

ሓንጎል መንእሰያት ካብ ዓበይቲ ንላዕሊ ንኣልኮላዊ መስተን ካልእ ዕጸፋርስን ዝያዳ ተቓላዓይ እዩ ምኽንያቱ ድማ ሓንጎል ክሳብ 25 ዓመት ዝዕድሚኡ ምዕባልኡ ስለዝቕጽል።

*ምንጪ: “ንመን ክትኣምኖ ትኽእል” ዝብል መጽናዕቲ CAN፣ ቤት ምኽሪ ሓበሬታ ሽወደን ብዛዕባ ኣልኮላዊ መስተታትን ካልእ ዕጸፋርስን፣ 2023




Polisen  SYSTEM BOLAGET  Länsstyrelserna